ካቶሊካዊ ርእሰ ኤጳርቅና ዘበኣሥመራ

ኣሥመራ - ኤርትራ

# ከይፍረደኩም ኣይትፍረዱ!(ማቴ 7:2)

፩ መስከረም ፳፻፲፰ ዓ.ም.ግ. 11 መስከረም 2025

ክቡር ሕዝበ እግዚኣብሔር፣

ኣብዚ ግእዛዊ ርእሰ-ሓዲስ ዓመትን፣ በዓለ መስቀልን እነኽብረሉ ወቕቲ፣ ቅድሚ ኩሉ እግዚኣብሔር ዕድመን ጥዕናን ሂቡ ክሳዕ ሎሚ ስለዘጽንሓና ከነመስግኖ ይግብኣና። ዝሓለፈ ዓመት *"ዓመት ንዓመት የድግመና!"* እናበልና ባህግናን ጸሎትናን ኣቕሪብናሉ፣ ንሱ ከኣ *"ብምሕረት ሀብታም"* (ኤፌ. 2:4) ስለዝኾነ እንሆ ናብዚ ሓዲስ ዓመት ፳፻፲፰ን ብድሕነ ሰላም የሳግረና ኣሎ።

ምስ'ዚ ምስጋና ግን፣ ኣምላኽ ንሕይወትናን ስራሕናን ኣኪያይዳናን እውን ክንፍትሽ ጽቡቕ ዕድል እዩ ዝህበና ዘሎ። መዝሙር ዳዊት ከምዝብሎ ንኣምላኽና፣ *"መስተውዓልቲ (ለባማት) ምእንቲ ክንከውንስ እቲ ዕድመና ሓጺር ምኻኑ"* (መዝ 90:12) ምእንቲ ከዘክረና ዓመት መጸ ክንልምኖ ኣድላይ እዩ። ኣብ ገሊኡ ትርጉም እኳ *"ዕለታት ዕድመና ከምንቆጽር ግበረና"* እዩ ዝብል። እዚ ማለት ከኣ ነቲ እግዚኣብሔር ዝሃብና መዓልታት ጥቡብ ብዝመልአ ኣገባብ ክንነብሮን ክንጥቀመሉን ከምዘሎና እዩ ዘረድኣና። ኣብ ንእስነትና፣ ትምህርተ ክርስቶስ ክንመሃር ከሎና፥ *"ናይ ሰብ መፈጸምታ ክንደይ እዩ?"* ዝብል ሕቶ ምስ ተሓተትና *"ኣርባዕተ እዩ"* ኢልና *"ንሳቶም ከኣ ሞት ፍርዲ መንግሥተ ሰማይ ገሃነም እሳት"* ዝብል መልሲ ንህብ። ኩልና ደቂ ሰብ ኣብዚ ምድሪ መንገደይናታት ኢና። ኩልና መንገደይናታትን መወትን ኢና። በዚ ምኽንያት ኢና ኣብ ጊዜ ሥርዓተ ቀብርና'ውን፣ *"ይቤሎ እግዚኣብሔር ለኣቡነ ኣዳም፣ መሬት ኣንተ ወትገብእ ውስተ መሬት"*፣ እግዚኣብሔር ንኣቦና ኣዳም፣ ንስኻ መሬት ኢኻ እሞ፣ ናብ መሬት ክትምለስ ኢኻ በሎ፣ እናበልና ነዝይም። ኣብ ጸሎተ ሃይማኖት ዘኪቅያ ከም እንደግሞ፣ ጐይታናን፣ ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ *"ዳግመ ይመጽእ በስብሓት ይኴንን ሕያዋነ ወሙታነ"*፣ ንሕያዋንን ንሙታንን ክፈርድ እንደገና ብኽብሪ ክመጽእ እዩ እናበልና፣ ድሕሪ ሞት እቲ ቅኑዕ ፈራዲ ይጽበየና ከምዘሎ ንእመን። *"ከይፍረደኩም ኣይትፍረዱ"* (ማቴ 7:2) ዝብል መጠንቀቕታ'ውን ነዚ ሓቂ እዚ እዩ ዘዘኻኽረና።

መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ *"ብዝፈረድኩምዎ ፍርዲ ኪፍረደኩም፣ ብዝሰፈርኩምዎ መስፈር ክስፈረልኩም እዩ እሞ ከይፍረደኩም ኣይትፍረዱ"* (ማቴ 7: 1-2) እናበለ ከጠንቅቐና ከሎ እንታይ ማለቱ ኮን ይኸውን ዝብል ሕቶ ኣብ ኣእምሮና ክለዓል ይኽእል እዩ። ንሱ'ውን ነዚ ፈሊጡ እዩ ነዚ ዝስዕብ ተግባራውን፣ ክትርድኦ ዘይከብድን ምሳሌ ዝሃበና። ኢየሱስ፣ *"ኣብ ዓይንኻ ዘሎ ሠርወ ዘየስተውዓልካስ ንምንታይ ኣብ ዓይኒ ኃውኻ ዘሎ በሰር እትርኢ?፣ ኣብ ዓይንኻ ሠርወ ከሎስ ከመይ ጌርካ ንኃውኻ 'ካብ ዓይኻ በሰር ከውጽኣልካ ኀደገኒ' እትብሎ?። ኣታ ግብዝ፣ ቅድም ካብ ዓይንኻ ሠርወ ኣውጽእ፣ ብድኅሪኡ ካብ ዓይኒ ኃውኻ በሰር ንምውጻእ ኣጸቢቕካ ክትርኢ ኢኻ"* (ማቴ 7:3-5) ክብል ከሎ፣ ኣባኻ ዘሎ ዝዓበየ ጌጋን በደልን ዘይኣረምካስ ነቶም ካብ ናትካ ዝነኣሰ ጌጋን በደልን ዝፍጽሙ ትወቅስን ትፈርድን ኣሎኻ ማለቱ እዩ። ኣብ ወንጌል ማርቆስ እውን፣ *"ነቲ እትሰምዕዎ ኣስተውዕሉሉ። በቲ እትሰፍሩሉ መስፈር ኪስፈረልኩም"*(ማር 4:24) ምኻኑ ከኣ ኣይትረስዑ ይብለና። ፈሪሳውያን ነታ ኣብ ዝሙት ረኺብናያ ኢሎም ዝኸሰስዋ ሰበይቲ ሒዞም ናብ ኢየሱስ ምስ መጽኡ፣ *"ደጋጊሞም ምስ ሓተትዎ ከኣ ቀንዕ ኢሉ 'ካባኻትኩም እቲ ኃጢኣት ዘይብሉ ቅድም እምኒ ይደርብየላ'* በሎም (ዮሓ 8:7)። ንሳቶም ግን ኣሕፈሩዎም፣ ሰላሕ ኢሎም በብሓደ ከዱ። ሽዑ ኢየሱስ ነታ በይና ኣብ ጥቕኡ ዝተረፈት ሰበይቲ፣ *"ኣቲ ሰበይቲ እቶም ከሰስትኺ ደኣ ኣበይ ኣለው? ዝፈረደኪዶ የልቦን?* በላ። ንሳ ከኣ *'ሓደኳ የልቦን፣ ጐይታይ'* በለቶ። ኢየሱስ ድማ *'ኣነውን ኣይፈርደክን እየ፣ ኪዲ እሞ፣ ደጊም ኣይትበድሊ'*(ዮሓ 8:10-11) በላ። በዘራርባ ቅዱስ ኣጕስጢኖስ፡ ኣብዚ ኢየን "ምሕረትን ውርደትን" ዝተራኸባ እሞ፣ ምሕረት ኣምላኽ ዘሸነፈት።

ቅዱስ ጳውሎስ፣ ናብ ሰብ ሮማ ኣብ ዝጸሓፋ መልእኽቱ፣ *"ኣታ ንኻልእ እትፈርድ ሰብ፣ ንስኻ ዝኾንካ ኹን፣ በቲ ንኻልእ እትፈርዶ ንርእስኻ ትኹንን ኣሎኻ"* (ሮማ 2:1) ብምባል ብዛዕባ ካልኦት ናይ ንብሎን ንገብሮን ምሉእ ኃላፍነት ከምንለብስ የዘኻኽር። ቀጺሉ ከኣ *"ንስኻ ኣብ ገልያ ካልእ እትፈርድ እንታዋይ ኢኻ?፣ ንሱ እንተተንስኣን እንተወደቐን ንጐይትኡ እዩ። እግዚኣብሔር ከተንስኦ ስለዝኽእል ከኣ ክትንስእ እዩ"* (14:4) *"ስለምንታይ ደኣ ንስኻ ኣብ ኃውኻ እትፈርድ? ወይስ ንምንታይ ንስኻ ንኃውኻ እትንዕቕ? ኩላትና ኣብ ቅድሚ መንበር ፍርዲ ኣምላኽ ደው ክንብል ኢና"* (ሮማ 14፥10)። *"ስለዚ ኣብ ንሓድሕድና ኣይንፍረድ። የግዳስ ሓደ ንኃዉ ዕንቅፋት ወይ መሓንኩሊ ከይገብረሉ ይወስን"* (ሮማ 14:13) እናበለ ንጹር ማዕዳን መጠንቀቕታን ይህበና። ንሰብ ክንፈርድ ከሎና ኣምላኽ ይፈልጠና እዩ እንተኾነ፣ *"ርኑቀ መዐት ወብዙኃ ምሕረት"*፣ ካብ ቍጥዓ ርሑቕን በዓል ብዙሳ ምሕረትን(መጽሐፈ ቅዳሴ) ስለዝኾነ ብዓቕሊ ይጽበየና ክንንሳሕ ከኣ ጊዜ ይህበና። ንትዕግሥቱ ዋጋ እንተዘይሃብና ግና ጳውሎስ ተመሊሱ፣ *"ሃብቲ ሕያውነቱን፣ ትዕግሥቱን፣ ዓቕሉንዶ ትንዕቕ ኣሎኻ? ሕያውነት ኣምላኽ ናብ ንስሓ ኪመርሓካ ከምዝኽእልዶ ኣይትፈልጦን ኢኻ?"*(ሮማ 2:44) እናበለ ኣገዳሲ ሕቶ ምስ ሓተተ ድማ *"ከመይ እግዚኣብሔር ንነፍስ ወከፍ ከከም ግብሩ ኪፈድዮ እዩ። ነቶም ሠናይ እናገበሩ ክብርን ዘይሙማትን ብትዕግሥቲ ዚምነዩ፣ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ክህቦም ኣዩ። ነቶም ንዓመጽ እምበር፣ ንሓቂ ዘይእዘዙ ፈተውቲ ርእሶም ግና ቍጥዓን መዓትን ኪወርዶም እዩ"* (ሮማ 2:6-8) ይብለና።

ነቶም ብእምነት ኮነ ብትምህርተ ክርስቶስ ኣብ ድኃን ደረጃ ንርከብ ኢና እሞ ንካልኦት ክንምህርን ክንምዕድን ይግብኣና ንብል እውን ቅዱስ ጳውሎስ ኣብታ ናብ ሰብ ገላትያ ዝጸሓፋ መልእኽቱ፣ *"ኣቱም ኣኀዋተይ፣ ሓደ ሰብ ኣብ በደል እንተ ተረኽበ፣ ንስኻትኩም እዞም*

*መንፈሳውያን ዝኾንኩም ነዚ ከምዚ ዝበለ ሰብ፣ ብናይ ለውሃት መንፈስ ኣርምዎ። ንስኻትኩምውን ንገዛእ ርእስኹም ከይትፍተኑ ተጠንቀቑ"* (ገላ 6:1-2) ዝብል ወርቃዊ ማዕዳ ድኅሪ ምሃብ፣ *"እንተኾነ ነፍሲ ወከፍ ናይ ገዛእ ርእሱ ስራሕ ይመርምር። ሽዑ ብናይ ብጻዩ ዘይኮነ ብናይ ገዛእ ርእሱ ስራሕ ክምካሕ እዩ። ከመይ ነፍሲ ወከፍ ጸጸሩ ኪጸውር እዩ ዝግባእ"* (ገላ 6:4-5) ዝብል ተግባራዊ ምኽሪ ይውስኸና። *"ከይትፍረዱ፣ ኣይትፍረዱ"*፣ ዝብል መጠንቀቕታ ግን እንታይ ማለት እዩ? ከይመመና፣ ከይፈረድና ደኣ ከመይ ጌርና ክንካየድ? ምሳና ዝነብሩ፣ ምሳና ዝሰርሑ ሰባት፣ ዝገብርዎን ዝዛረብዎን ቅኑዕን ዘይቅኑዕን፣ ሓቅን ሓሶትን፣ ጽቡቕን ሕማቕን ምኳኑ ክንፈርድ ኣይንኽእልን ማለት ድዩ? ዝብሉ ሕቶታት ክነልዕ ግቡእን ኣድላይን እዩ። ነዚ ሕቶታት እዚ ከኣ ክልተ መልሲ ክወሃቦ ይከኣል። እቲ ቀዳማይ መልሲ፣ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ፣ ብመሠረቱ ኢየሱስ፣ ኣይትፍረዱ ክብል ከሎ ንብጻይኩም ኣይትኮንኑ፣ ስም ብጻይኩም ኣይተጸልሙ፣ኣይትኽፍኡ፣ ማለቱ እዩ። ብጽልኢ ተደሪኽኩም፣ ሓቅነት እቲ ጉዳይ ጉሲኹም ወይ ከየረጋገጽኩም ንሰብ ምጽላም ወይ ምፍራድ ጌጋን ሓደገይናን ምኳኑ እዩ ዝገልጸልና ዘሎ። ብሓጺሩ ንሰብ ካብ ምሕማይ ተቘጠቡ ማለት እዩ። ሓሜት ከኣ ሓሶት ማለት እዩ። እግዚኣብሐር ከኣ ብልኡኻቱ ገቢሩ፣ *"ሓሶት ምዝራብ ከጥፍኣካ እዩ"* (ጥበብ ሰሎሙን 1:11)። *"ጽልኡ ዝኃብእ ሓሳዊ እዩ፣ ሓሜት ዝዝርግሕ ድማ ዓሻ እዩ"* (ምሳ 10:18) ይብለና።

እቲ ካልኣይ ገጽ ናይ ምፍራድን ዘይምፍራድን ከኣ ነቲ ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና ዘጋጥመና ኩነታት እዩ። ንኣብነት መድኃኒና ባዕሉ ክትፈርዱ ከሎኹምስ፣ "ስለምንታይከ ባዕልኻትኩም ሓቂ ዘይትፈርዱ?(ሉቃ 12:57)፣"ቅኑዕ ፍርዲ ፍረዱ እምበር ገጽ ርኢኹም ኣይትፍረዱ" (ዮሓ7:24) እናበለ፣ በቲ ኣምላኽ ዝሃበና ኣእምሮን ልቦናን፣ ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና ንዘጋጥመና ነገራትን፣ ሰባት ክብልዎ እንሰምዖ ወይ ክገብርዎ እንርእዮ ነገራት ክንፈርድ ከምእንኽእል እውን የረድኣና እዚ ዓይነት ፍርዲ ግን ኣራሚ እምበር ኮናኒ ፍርዲ ኣይኮነን። ኢየሱስ ባዕሉ፣ "ኃውኻ እንተበደለካ፣ ኬድካ ንስኻን ንሱን ኣብ ባይንኹም ኰንኩም ግንሓዮ፣ እንተሰምዓካ ንኃውኻ ረባሕካዮ—"(ማቴ 18:15) እናበለ ንጹር መምርሒ ሂቡና ኣሎ። ቅዱስ ጳውሎስ ከኣ ኣሰር መምህሩ፣ *"ብፍቕሪ ሓቂ እናተዛረብና፣ ናብቲ ርእሲ ዝኾነ ክርስቶስ ንዕበ"* (ኤፌ 4:15) እናበለ ይምዕድ። ስለዚ ብኣኽብሮት፣ ብፍቕሪ፣ ብስቱር ንሓውኻ፣ ንኃውትኻ ተጋጊኻ ተጋጊኺ፣ ተኣረም፣ ተኣረሚ ምባል ካብ ኃልዮትን ቅንኣተ ቤትን ዝተላዕለ ከኸውን ከሎ ኣድላይን ግቡእን እዩ። እንደገና ቅዱስ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቆሮንጦስ ክጽሕፍ ከሎ ንመን ክንፈርድ ወይ ክንእርም ከምዝግብኣና የብርሃልና። *"ነቶም ካብ ክርስትና ወጻኢ ዘለዉ ዝፈርድ እንታይ ገዲሱኒ። ንስኻትኩምሲ ነቶም ኣብ ውሽጢ ክርስትና ዘለዉዶ ኣይኮንኩምን እትፈርዱ? ነቶ ካብ ክርስትና ወጻኢ ዘለዉ ግና ኣምላኽ እዩ ዝፈርዶም። እምበኣር ነቲ ነውሪ ዝገብር ሰብ ካባኻትኩም ኣውጽእዎ"* (1ቆሮ 5:12-13)። እዚ ማለት ከኣ ከም ማኅበር ኣመንቲ ንሓድሕድና ክንፋለጥ፣ ብወንጌል ክርስቶስ ንምራሕ ዘሎናን ዘየሎናን ክነስተውዕል፣ መን ጽቡቕ ኣብነት ይህብ ኣሎ? መንከ ዕንቅፋት ይኸውን ኣሎ ፈቲሽና ክንተኣራረም ግቡእ ከምዝኾነ ይገልጸልና። ደጊሙ እውን ንደቂ ሃማኖትካ ኣሕሊፍካ ምሃብ ልክዕ ከምዘይኮነ የነጽረልና፣"ሓደ ካባኻትኩም ምስ ብጻዩ ነገር እንተ ኣለዎ፣ ኣብ ቅድሚ እቶም ኣመንቲ ዘይኮነስ ኣብ ቅድሚ እቶም ዘይኣምኑዶ ኪፈርድ ይደፍር እዩ? ወይስ እቶም ኣመንቲ ንዓለም ከምዝፈርዱዋዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም? ናዓለም ካብ እትፈርዱ ደኣ ናእሽቱ ነገራት ንምፍራድ ከመይ ዘይትበቅዑ? ንመላእኽቲ ከም እትፈርዱዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም? ናይዛ ዓለም እዚኣ ነገር ግዳ ከመይ ዘይንፈርድ? እሞኸ ደኣ ብነገር እዛ ዓለም እዚኣ ዝዳን እንተ ኣሎኩም ስለምንታይ ነቶም ብቤተክርስትያን ዝተናዕቁ ኣሕዛብ ፈረዲ እትገብሩዎም? ክኅፍረኩም ኢለ ኢየ ነዚ ዝዛረብ ዘሎኹ። ካንዶ ኣብ መንጎ ኣኅዋት ኪፈርድ ዝኽእል ለባም ሰብ የብልኩምን ኢኹም? እንተኾነ ኃው ንኃዉ ኣብ ቅድሚ እቶም ዘይኣምኑ ይኸስስ ኣሎ" (1ቆሮ 6:1-6)።

ኣብ መጨረስታ ክነስተውዕለሉ ዘሎና ሓቂ ግን እቲ ልብን ኩላሊትን ዝፈልጥን ዝምርምርን ሓደ ኣምላኽ ስለዝኾነ፣ እቲ ሓቀይናን ናይ መጨረስታን ዳኛና'ውን ንሱ ጥራይ ከምዝኾነ ክንኣምንን ክንቅበልን የድሊ። ፈጣርን፣ ኣቦን፣ ዋናን፣ ኃላይን፣ መድኃንን ናይ ነፍሲ ወከፍና እቲ ብኣምሳሉ ዝፈጠረና፣ ብደም ሓደ ወዱ ዘድኃነና እግዚኣብሔር ጥራይ እዩ። ንሱ ከኣ እዩ፣ ንዘለዓለማዊ ሕይወት ወይ ንዘለዓለማዊ ኩነኔ ክፈርደና ዝኽእል። መጽሓፍ መክብብ *ከምዝብሎ፣"ኩሉ ነገርን፣ ኩሉ ተግባርን ኣብቲ ዝተመደበሉ ጊዜ እዩ ዝፍጸም እሞ ኣምላኽ ነቲ ጻድቕን ነቲ እኩይን ኪፈርዶም እዩ"*(መክ 3:17)። መጽሓፍ ሲራክ *"ንሰብ ከኣ ድማ ከከም ግብሩ እዩ ዝፈርዶ"* (ሲራ 16:13)ይብሉና። ኣብ መጽሓፍ ነቢይ ሕዝቅኤል እውን እግዚኣብሔር ንሕዝቡ፣"በንባብሮኣምን ብተግባሮምን ፈረድኩዎም" (ሕዝ 36:19) ይብል። ሕዝቅኤል ባዕሉ ድማ፣ *"እዚ እግዚኣብሔር ዝገብሮ ዘሎ ቅኑዕ ኣይኮነን ትብሉ ኣሎኹም። ኦ ሕዝበ እስራኤል፣ ነፍሲ ወከፍኩም ከከም ግብርኹም ክፈርደኩም እዩ"* (ሕዝ 33:20) ክብሎም ንርእዮ። መልእኽትታት ሓዲስ ኪዳን እውን ነዚ ሓቂ እዚ እዮም ብተደጋጋሚ ዘዘኻኽሩናን ዘጠንቅቑናን። እቲ ካብ ኩሉ ዝበለጸ ግና፣ *"ነቲ ኣብ ጸልማት ዝተኃብአ ናብ ብርሃን ዘምጽእ፣ ሓሳባት ልቢ ከኣ ዚገልጽ ጐይታ ክሳዕ ዚመጽእ ቅድሚ እቲ ምዱብ ጊዜ ሓንቲ እኳ ኣይትፍረዱ። ሽዑ ነፍሲ ወከፍ መምስጋንኡ ካብ ኣምላኽ ክቕበል እዩ"* (1ቆሮ 4:5) ብምባል ናይ መወዳእታ ፍርዲ ንኣምላኽ ክንሓድገሉ ከምዝግባእ ይነግረና። ቅዱስ ጴጥሮስ ብወገኑ፣ *"እቲ ንስኻትኩም ኣብ ጸሎት 'ኣቦ' ኢልኩም እትጽውዕዎ፣ ንነፍሲ ወከፍ ከከም ግብሩ ብዘየድልዎ ስለዝፈርድ፣ ኣብዚ ዘመን ግሽነትኩም ብፍርሃት ንበሩ"* (1ጴጥ 1:17) እናበለ ወርቃዊ ማዕዳ ይልግሰልና። መጽሓፍ ራእይ ዮሓንስ ኣብ መፈጸምታ፣ እቲ ሰማያዊ ንጉሥ ብኽብሪ ምስ መጸ፣*"ምዉታት ድማ ከምቲ ኣብቲ ከምቲ ኣብቲ መጻሕፍቲ ተጻሒፉ ዝጸንሐ ከከም ግብሮም ተፈርዱ"* (ራእ 20:12) ብምባል እቲ ናይ ኩሉ ፈራዲ ነፍስን ሥጋን መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምኳኑ፣ ካብኡ ኃሊፍና ናብ እነብሎ ከምዘይብልና የረጋግጸና። *"እንሆ ቀልጢፈ እመጽእ ኣሎኹ፣ ንነፍሲ ወከፍ ከከም ግብሩ ክፈድዮ ዓስቢ ምሳይ ኣሎ። ኣልፋን ኦመጋን፣ ቀዳማይን ዳኅራዋይን፣ መጀመርታን መወዳእታን ኣነ እየ"* (ራእ 22:12-13)።

ገና ኣብ ጉዕዞ ዓመት ኢዮቤልን፣ መንፈስ ሲኖዶሳውነትን ስለእንርከብ እንቕበሎ ዘሎና ሓዲስ ዓመት ምሕረት፣ ዓመተ ማርቆስ፣ ዓመት ራህዋን፣ ሰላምን፣ ቅሳነትን ክገብረልና እሞ ብእምነትን፣ ብተስፋን ብፍቕርን እንዓብየሉን፣ ኃቢርና እንጉዓዘሉን ጸጋታት ከብዝኃልና ንመድኃኔ ዓለም ንለምኖ። ካብ ምፍርራድ ሓድሕድን ፍልልይን የድሕነና። ንሓድሕድና ብመንፈስ ፍቕሪ እናተኣራረምናን እናተገሳጸጽናን ብሓድነትን ሥምረትን እንጉዓዘሉ ጸጋ ይሃበና። ዝዘራእናዮ ብድኃነ ሰላም ኣኪብና ብፍቕርን ሰላምን እንነብረሉ መንፈስ የሕድረልና። ቡሩኽ በዓለ ሓንስ መስቀለን ቡሩኽ ዓመትን ንኩልና።

+ኣባ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም

ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም

ሊቀ ጳጳሳት ዘበኣሥመራ